ዝሓለፍናዮ ናይ ቃልሲ ጉዕዞ

መንጠሪ ባይታ መጻኢና እዩ !

ብተስፋማርያም ሓጎስ

ህዝቢ ኤርትራ ንልዕሊ ሓደ ኣብ ትሕቲ ዝተፈላለዩ ገዛእቲ ሓይልታት ንኸትዝክሮም ዘስካሕክሑ ግፍዕታት ኣሕሊፉ እዩ። ኣንጻር መሳፍንቲ ኢትዮጵያን ቱርካዊ መግዛእትን ብፍኑውን ብተናጸልን ተቓሊሱን መኪቱን መስዋእቲ ከፊሉን እዩ።

ኣብ መሬት ኤርትራ እግሮም ዘንበሩ ገዛእቲ ሓይልታት ህዝቢ ኤርትራ ኣሜን ኢሉ ክጸዓደሎም ብዘይ ምኽኣሉ፣ ተዋጽኣና ኢሎም ዝሓሰብዋ ንህዝቢ ብሃይማኖትን ቀቢላን ኣውራጃን ከፋፊልካ ነንሓድሕዱ ከም ዝናቖት ምግባር እያ ኔራ ክሳብ ዕለተ ሞቶም ከኣ ይጥቀሙላ ኔሮም። እዚ ሕማም እዚ ብቐሊል ዝፍወስ ሕማም ኣይኮነን፣ ምዕቡል ዝኾነ ሕክምና ዘድልዮ ሕማም እዩ። ኣብ መላእ ኣፍሪቃ እቶም ኣብ መፋርቕ መበል ዓሰርተው ትሽዓተ ክፍለ ዘመን ኣብ እግሮም ዘንበሩ ጸዓዱ ነዛ ሕማም እዚኣ እዮም ኣጸቢቓ ሱር ከም እትሰድድ ዝገበሩን ክሳብ ሎሚ ውን ገና ብጋህድን ብስዉርን ከም ትጥጥዕ ዝገብርዋ ዘለዉ። ህዝቢ ኣፍሪቃ ነዛ ሕማም እዚ ዘጥፍእ መድሃኒት ክረክብ ብዘይ ምኽኣሉ ፣ እቶም ቅድም ብገፊሕ ማዕጾ ኣትዮም ንህዝቢ ኣፍሪቃ ናብ ባርያ ቀይሮም ሃብቲ ኣፍሪቃ ብዘይ ገደብ ዝግሕጡ ዝነበሩ ገዛእቲ ሓይልታት ንተቓውሞ ኣፍሪቃውያን ክምክትዎ ዓቕሚ ስለ ዝወሓዶም ካልእ ሓድሽ ተንኮል ብምምሃዝ ብኢድ ኣዙር ንህዝቢ ኣፍሪቃ ክገዝእዎ ወሰኑ። ኣገልገልቶም ዝነበሩ ኣብ ስልጣን ኮፍ ኣቢሎም ንህዝቢ ኣፍርቃ ካብ ባንዴራ ምንብልባል ዘይሓልፍ ነጻነት ሃብዎ።

ኣብ ኤርትራ እግሮም ዘንበሩ ገዛእቲ ሓይልታት ሓያል ተቓውሞ ህዝቢ ብኹሉ መኣዝናት ስለ ዝበርትዖም ንህዝቢ ኤርትራ ብዓሌት ብኣውራጃን ቀቢላን ሃይማኖትን ጎጃጂሎም ሓድነቱ ከም ድዝረግን ይገብሩ ኔሮም። ነቲ ሓደ ቛንቛን ባህልን ዝውንን ኣብ ሰለስተ ኣውራጃ ዝነበረ ብሄር ነንሓድሕዱ ከም ዘይሳነን ብዓይኒ ጽልኢ ከም ዝረኣኣ ንምግባር ብዙሕ ተፈቲኑ እዩ። ዋላ እኳ ከምቲ ዝደለይዎ እንተ ዘይኮነሎም እቲ ስምብራትሲ ገዲፉ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ነታ ብዓመጽ ዝተነፍገቶ ነጻነቱ ንምምላስ ብሰላማዊ መንገዲ ክሰልጠ ስለ ዘይከኣለ ብረት ኣልዒሉ ክቃለስ ምስ ጀመረ ውን እዚ ብመግዛእቲ ዝተዘርአ ሕማም ደድሕሪኡ ስዒብዎ እዩ። በዝን ካልኦት ምኽንያታትን ከኣ እቲ ሰውራ ኣብ ክልተ ውድብ ተመቒሉ። ኣብ ሜዳ ኤርትራ ሓው ንሓው ደም ተፋሲሶም ክንደይ ጅግና ኸኣ ብኢድ ሓዉ ትሕቲ መሬት ሰፊሩ። ኣብዚ ክፍለጥ ዝደልዮ ክልቲኦም ውድባት ደሞም ከፊሎም ነጻነት ንምምጻእ በረኻ ዝወፈሩ እምበር ከብቲ ክሽቅጡ ኣይኮኑን ወጺኦም።

ነዚ ጸላኢ ዘሪእዎ ዝኸደ ዓሌታውን ቀቢላውን ኣውራጃውን ሃይማኖታዊ ሕማማትን ንምጥፋእ ነቲ ሰውራ ውን ቀሊል ብድሆ ኣይነበረን። መሪሕ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ግን ነዚ ከቢድ ብድሆ

ብደሙን ኣዕጽምቱን ከጥፍኦ ክኢሉ። እወ ንጸላኢ ካብ ሃገርና ሓግሒግና ከነውጽኦ እንተ ኮይንና ሓይሊ ክህልወና ኣለዎ፣ ሓይሊ ንክህልወና ሓድነትና ክጸንዕ ኣለዎ። ሓድነትና ሓይልና እዩ፣ እዚ ከኣ ኣብ ግብሪ ርኢናዮ ኢና። መሪሕ ውድብ ህዝባዊ ግንባር እዚ መትከል እዚ ኣብ ህዝቢ እንተ ዘየስርጽ ነጻነት ኤርትራ ጋህዲ ክኸውን ኣይምኸኣለን። ተጋዳላይ ብስሙ ወይ ሳጉኡ እዩ ዝጽዋዕ ኔሩ እምበር እታ ስም ኣቦ እኳ ንጋዳ። ኣበይ እዩ ዓድኻ፣ ካበየናይ ኣውራጃ ኢኻ ዝብሉ ሓረጋት ኣብ መሪሕ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ፍጹም ኣይፍለጡን እዮም ዋላ ትሕቲ ልሳንካ ውን ኣይተድምጾምን ኢኻ። እዚ ክብል ከለኹ ግን ሓደ ሓደ ኣዝዮም ዝተበከሉ ፍጹም ካብዚ ሕማም እዚ ክፍወሱ ዘይክእሉ ከም ዝነበሩ እዚ ኩልና ክንፈልጦ ዘለና ሓቂ እዩ። ነጻነትና ንምጉንጻፍ ዓሰርተታት ኣሽሓት  ለይለይ ዝብሉ ኣባጽሕን ጎራዙትን መስዋእቲ ከፊልናን ዓሰርተታት ኣሽሓት ኣካሎም ከፊሎም ሰንኪሎም እዮም። ሳላ መስዋእትን ስንክልናን ጀጋኑና ኤርትራ ነጻ ኮይና ንዘመናት ነጻነት ተነፊጋቶ ዝነበረ ህዝቢ ኤርትራ ናይ መግዛእት ጸሊም መጋረጃ ተተርቢዑ ናይ ነጻነት ጸሓይና መሊኣ በሪቓ ። ኣብዛ ዕለት እዚኣ ታሕጓስ ህዝቢ ኤርትራ ክትገልጾ ቃላት ይኹን ዓቕሚ ሰብ ኣይርከብን። ንመስዋእቲ ሓላላት ደቁ ብዕልልታን ዓወት ንሓፋሽን ብምባል እምበር ብብኽያትን ዋይዋይታን ኣይገለጾን።

ነጻነት ኤርትራ ክዉን ክገብር ዝኸኣለ መሪሕ ውድብ ህዝባዊ ግንባር እዩ። ህዝባዊ ግንባር ክለዓል እንከሎ መላእ ኣፍሪቃ ጥራይ ዘይኮነስ መላእ ዓለም እዩ ዝገርሞ፣ እቲ ምንታይሲ በይኑ ኣንጻር ሽሾ ጸላኢ እሞ ናይ ክልተ ርእሰ ሓያላን ዓለምናን ሰዓብተንን ምሉእ ዘይጉዱል ሰብኣውን ንዋታውን ሓገዝ ዘለዎ ጸላኢ ብኣዝዩ ውሑድ ዓቕምን ብዘይ ናይ ማንም ሓገዝን ብብረቱ ብጥይቱ ክስዕር ዝኽእል ህዝብን ውድብን ኣብ ዓለምና ተራእዮም ስለ ዘይፈልጡ ኣዝዮም እዮም ዝግረሙ። እዚ ተኣምር ክፍጸም ዝኸኣለ ከኣ መሪሕ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ብቐዳምነት ንደቀንስትዮ ኣብቲ ቃልሲ ግቡእ ቦትኦን ብምትሓዙን ንሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ከኣ ሓፋሽ ይወደብ ይንቃሕ ይዕጠቕ ኣብ ዝብል መርሓ ስለ ዘእተዎን ህዝቢ ከም ባሕሪ ተጋዳላይ ከኣ ከም ዓሳ ኮይኖም ነቲ ቃልሲ ስለ ዘካየድዎን ዝመርሕዎን እዩ ክዉን ክኸውን ዝኸኣለ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ትርብዒት መሬት ኤርትራ ካብ ትሽዓቲኤን ብሄራት ካብ ክልቲኡ ሃይማኖታት ካብ ኩለን ኣውራጃታት ተሰዊኦም ቆሲሎምን ሰንኪሎምን ኣብ ከርሲ እታ መሬት ከኣ ኣዕሪፎም ኣለዉ። ህዝቢ ኤርትራ ካብ ጻት ንጻት ምስ መሪሕ ውድቡ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ጎድኒ ጀጋኑ ደቁ ኮይኑ ተቓሊሱን ተሰዊኡን ሰንኪሉን እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ሓንቲ እያ ሃገሩ፣ ንሳ ከኣ ኤርትራ ትበሃል ዜግነቱ ውን ሓንቲ እያ ንሳ ከኣ ኤርትራውነት እያ።  ኣውራጃዊ ፣ ቀቢላዊ ሃይማኖታዊ ዜግነት የብልናን። ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊት ስድራ ኣብ ኩለን ኣውራጃታት ደቃ በጃ ከፊላትሉ እያ ፣ ስለዚ ነፍሲ ወከፍ ኣውራጃ ንኹሉ ኤርትራዊ ማዕረ እያ ትብጽሖ። ከምኡ ጌርና እንተ ዘይንቃለስ ኤርትራ ትበሃል ነጻ ሃገር ኣብ ዓለም ኣይምሃለወትን። ንነፍሲ ወከፍና ፈቲና ጸሊእና ትማል ነጻነት ዘምጸኣን ህላወ ሃገር ዝዓቀበን ሓድነትናን ጽንዓትናን ተወፋይነትናን ምኳኑ ክንፈልጥ ኣለና።

ነጻነትና ዘይተዋሕጠሎም ጸላእትናን ነጻ ሃገር ወኒንና ክንነብር ከም ዓንዴል ዝመረሮም ሰብ ፍሉይ ረብሓ  ኣብ ጎድኒ ጸላኢና ኮይኖም ስንቅን ዕጥቅን ፖለቲካዊ ደገፍ ሂቦም ነታ ብደምና ዘምጻእናያን ብደምና ብዘይ ምቍራጽ እትበርህ ናይ ነጻነት ቀንዴልና ሓንሳብን ንሓዋሩን ንምጥፋእ ኩናት ወሊዖሙልና። እታ ነጻነት ዘምጸአት ሓድነትናን ጽንዓትናን ገና ኣብ ቦትኣ ስለ ዘላ ከኣ ንሽሾ ጸላእቲ ረመጽ ኩዒና ብዓወት መሰስ ኢልና። ጸላእትና ሓይልና ኣብ ሓድነትና

ዝሰረተ ምኽኑ ኣጸቢቖም ስለ ዝተረድኡ ንምዝራጋ ኮነ ኢሎም ክሰርሑላ ተበገሱ። እዚኣ ከኣ ንህዝቢ ኤርትራ ብኣውራጃን ሃይማኖትን ንሓድሕዱ ከም ዝተፋነንን ከም ዝናቖትን ምግባር እያ። ብኢትዮጵያ ኣቢሉ ንዝተሰደ መንእሰይ በዛ ሕማም እዚኣ ለኺፍካ ናብ ፈቖዶ ምዕራብ ሃገራት ከም ዝስደድ ምግባር እያ። ንገሊኡ መንእሰይ ብስም ሃይማኖት ዲቁናን ቅሽነትን እናሃብካ ንደገ ምስድዳድ እሞ ኣብኡ ብዛዕባ ሃይማኖት ክሰብኽን ጉዳይ ሃገሩ ክርስዕን ንመንግስቲ ከጸልምን ከካፍእን ከም ዝውዕል ምግባር እዩ ኔሩ።ንወያነ እዚ እከይ ውጥን ሰሪሑላ ደኾን ይኸውን ? ኣብ ደገ እንታይ ይግበር ኣሎ በዓል መን ብኣውራጃዊ ሕማም ተበኪሎም ንህዝቢ ብኣውራጃ ክፈላልዩ ይውዕሉ ኣለዉ፣ በዓል መን ንኣብያተ ክርስትያናት ክጎጃጅሉን ሓድሕድ ከናቖቑን ይውዕሉ ኣለዉ፣ ንማንም ኤርትራዊ ናይ ኣደባባይ ምስጢር እዩ። ጽቡቕ ጌርና ሓደ ብሓደ ንፈልጦም ኢና። ኣብ ፈቖደኡ ህግደፍ ፋሺሽቲ፣ ህግደፍ ሓራዲ ጎማዲ ክብሉ ዝውዕሉ ዘለዉ ፣ ህግደፍ እንታይ ምኻኑ ጠፊእዎም ድዩ ? እቶም ይጥፍኡ ዝበሃሉ ዘለዉ በዓል መን ምኻኖም ይፈልጡ ድዮም ? ሎሚ ኣብ ድያስፖራ ኣውራጃዊ ሕማም ካብ ዝኾነ ይኹን ግዜ ንላዕሊ ሰፊሑን ገኒኑን ይርከብ። እዞም ሰባት እዚኣቶም ዓቕልን ትዕግስትን ህዝባዊ ግንባር ፍርሒ ድዩ መሲልዎም ? ነቶም ጀጋኑ ሰብ ድርብ ሓሞት ንጸላእቶም ረመጽ ነስኒሶም ብምቅጻል ነጻነት ዘምጽኡን ዝዓቀቡን ከመይ ጌሮም ከጸልምዎም ይህቅኑ ? እዚ ገበን ምኻኑን ጽባሕ ከም ዘሕትቶምን ኣይፈለጡን ደኾን ኮይኖም ? ዶስ ህዝባዊ ግንባር ኣበይ ከይተርከበልና ዝብል ኣተሓሳስባ ስለ ዘለዎም እዮም ! ኢድ ህዝባዊ ግንባር ተመጣጢ እዩ ኣብ ኩሉ ንሱ ዘየርከበሉ ኩርናዕ ኣብዛ ዘለናያ ዓለም የሎን። ብጭፍራ ወያነ ተዓሲቦምን ተመዊሎምን ንህዝብን መንግስትን ኤርትራ ከጸልሙን ከዳኽሙን፣ ንመንእሰይ ኤርትራ ብሓሶት ሓቢሎም ግደ ሞትን ስደትን ዝገበሩ ከዳዓት ደቂ ሃገር ሕጂኸ ተረፍ ሽሓኒ ወያነ ብልዕ ኤርካ ምስ ወያነ ሓቢርካ ካብ ሙማት ምምላጥ ይከኣልዶ ይመስለኩም ? ወያነ ኣብቲ ባዕላ ናባና ዘቐንዓቶ ሓዊ ናብኣ ተጠውዩ ኣብኡ ሓሪራ ክትጠፍእ ምኻና መንግስቲ ኤርትራ ኣቐዲሙ ነጊርዋ ኔሩ እዩ። እነሆ ከኣ ሕጂ ጸሓያ ዓሪባ ኣብታ ናይ ዘለኣለም ስፍራኣ ንኽትኣቱ ካብ ቤተ መንግስቲ ኣዲስ ኣበባ ተሓግሒጋ ምስ ወጸት ኣብ ሆቴላት መቐለ ተኣኪባ ናይ ስንብት ዊስኪ እናሰተየት ነታ ናይ ጥፍኣታ ናይ ዜሮ ሰዓት ትጽበላ። እቶም ብወያነ ዝተዓሰብኩም ኣንጻር ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ሃለውለው ክትብሉ ዝኸረምኩም ሕጂ እንታይ ይሓይሽ ? ዝሓይሽ ነየለ ምስ ወያነ ሕርር ኢልካ ምጥፋእ እምበር።

ከም ህዝቢ ንልምዓትን ዕብየትን ሃገር ዝተፈላለየ ኣተሓሳስባን መደባትን ኣጀንዳታትን ክህልወና የርብሓና እምበር ኣየጥፍኣናን እዩ። እዚ ግን ኢሂን ምሂን እናተበሃሃልካ ኣብ ሃገርካ ንሃገርካ ኣብ ኩሉ ጽፍሕታት እናሰራሕካ ደኣ እምበር ኮሪኻን ካብ ሃገር ኮብሊልካ ምስ ጸላኢ እዩ ዝበሃል ወጊንካ ሃገር ኣብ ምዕናው ለይትን ቀትርን እናሰራሕካ ተቓዋሚየ ምባል ብዝኾነ ይኹን መለኪዕታት ቅቡል ኣይኮነን። እዚ ክድዓት ደኣ እምበር ተቓውሞ (Oposition ) ኣይኮነን። ተቓውሞ ዝበሃል ንምዕባለን ዕብየትን ሃገርን ህዝብን ንምስራሕ ዝተፈላለየ ሓሳባትን ኣጀንዳታትን ሒዝካ ትቐርብ፣ እዚ ከኣ ኣብ ውሽጢ ሃገርካ ኣብ ኩሉ ጽፍሕታት እናሰራሕካን ሃገራዊ ግቡእካ እናኣማላእካን እዩ ዝካየድካ እምበር ካብ ሃገር ኮብሊልካ ፣ ኣንጻር መንግስትን ህዝብን ለይትን ቀትርን ክትግዕር እናወዓልካ ፣ ኣብ ፈቖዶ ሃገራት ንመንግስቲ ኤርትራ ኣጥፍኡልና እናበልካ ሰላማዊ ሰልፊ ክትገብር እናወዓልካ፣ ጉዳይ ሃገር ከም ዘይምልከተካ ንጎድኒ ገዲፍካ ንጥፍኣት ሃገር ምስ ጸላእቲ ዝወገንካ ብምንታይ መዐቀኒ ኢኻ ተቓዋሚ ክትበሃል ? ንስኻ ከዳዕ ጸረ ሃገርን ህዝብን ኢኻ እትበሃል ። ከዳዓት እንታይ እዩ ፍርዶም ዝጠፍኣኩም ኣይመስለንን። ነጻነትና ከም ናይ

ካልኦት ኣፍሪቃውያን ነጻነት ኣይኮነን፣ ከምቲ ክቡር ፕረሲደንቲ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ፣ ነጻነትና ኣብ ብያቲ ወርቂ ጌሩ ዘቐበለና ኣካል የሎን ደምና ኣፍሲስና ዓሰርተታት ኣሽሓት ብሉጻት ከፊልና ኢና ኣምጺእናዮ ዝበሎ፣ ነፍሲ ወከፍ ስድራ ገሊኣ ሾመንታ ደቃ ገሊኣ ሓምሽተ ደቃ ገሊኣ ሓደን ድርካባን በጅያ ንነብሳ መስዋእቲ ደቀይ ኣብ ነጻላይ ክቐበሎ ኢላ ደድሕሪ ደቃ ኣብ መጋርያ ኲናት እናተደኞደቐት ተቓሊሳ እያ ናጽነት ተረኺባ እምበር ኣብ መጋባኢያ ተሟጒትና ኣየምጻእናያን ! ብነጻነት ኤርትራ ምልጋጽ ብህዝቢ ኤርትራ ምልጋጽን ነቶም ልዕሊ ሚእቲ ሽሕ ኣብ ምምጻእ ናጽነትን ምውሓስ ናጽነትን ዝተበጀዉ ሰማእታትና ነተን ዝተረፉ ደሞም ከም ዝጸርራ ምግባርን ምጒዳእን ምኳኑ ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ክፈልጥ ይግባእ ! ገለ ሙሽሙሻት ኣብ ደገ ናይ ወረቐት ዶክተሬት መዓርግ ናይ ፕሮፈሰር መዓርግ ኣለና ዝተመሃርና ዝተመራመርና ኢና ብምባል ኣብ ዝሃለዉ ሃልዮም ነቲ ዝተማህርዎ ትምህርቲ ንረብሓ ህዝቦም ኣብ ክንዲ ምውዓልን፣ ኣብ ዝሃለዉ ሃልዮም ወከልትን ተሓለኞትን ሃገሮም ኣብ ክንዲ ምኳን፣ ናይ ማንም ሃገር ዜጋ ዘይፍጽሞ በደላት ኣብ ልዕሊ ህዝቦም ክገብሩ ዝረኣዩ ኤርትራውያን ጥራይ እዮም እንተ በልኩ ካብ ሓቂ ዝረሓቐኩ ኮይኑ ኣይስምዓንን። እዚ ክብል ከለኹ ግን ንኹሎም ምሁራን ኤርትራውያን ማለተይ ከም ዘይኮነ፣ ነቶም ከዳዓትን ጠላማትን ነኸስቲ ጡብ ኣዲኦም ጥራይ ምኳኑ ኣንባቢ ክርድኣለይ እደሊ።ኣብ ፈቐዶ ናይ ምዕራብ ሃገራት ኮይንኩም ንመንግስቲ ኤርትራ ኣጥፍኡልና እናበልኩም ንጥፍኣት ኤርትራን ህዝቢ ኤርትራን ሳዕልን ታሕትን ትብሉ ዘለኹም ከዳዓት ደቂ ሃገር ኣይፋልኩም ! ንህዝቢ ኤርትራ ትዕግስቱ ኣይተወድእዎ ! ካብኡ ሓለፈ ተረፈ ግን መልሲ ህዝቢ ኤርትራን መንግስቲ ኤርትራን እንታይ ከም ዝኸውን ምንጋር ዘድልየኩም ኣይመስለንን።

ነፍሲ ወከፍና ካብ ገዛና ጀሚርና ሃገር ንበል ፣ ኤርትራ ንበል፣ እቲ ንሰላሳ ዓመታት ዝተኻየደ መሪርን ነዊሕን ቃልሲ ንናጽነትን ፣ ዝተኸፍለ ረዚን መስዋእትን ስንክልናን ምስ ወለድናን ኣሕዋትናን ኣሓትናን ኮፍ ኢልና ንዘክሮን ንመሃሮን ! ኣዕሚቑና ንፈትሾ ! እቶም ተጋደልቲ ካብ ትሽዓትኤን ብሄራት ክልቲኡ ሃይማኖታትን ክልቲኡ ጾታታትን ምንባሮም ክንርዳእ ኢና። እንተረኸቡ ክበልዑ ብሓንሳብ ፣ ክሰትዩ ብሓንሳብ ፣ ክስዉኡ ብሓንሳብ፣ ክቆስሉን ክስንክሉን ከኣ ብሓንሳብ እዮም። ነዚኣ ካብታ ጸባብ ገዛና ጀሚርና ክሳብ ዘይተረዳእናያ ብዛዕባ ኤርትራን ኤርትራውነትን ክንፈልጥን ክንሓስብን ዘይሕሰብ እዩ። ኣብዛ ሚእትን ዕስራን ሓደን ሽሕ ኪሎ ሜተር ትርብዒት ኣቢሉ ዝኸውን ስፍሓት መሬት ዘለዋ ኤርትራ እዞም ልዕሊ ሚእቲ ሽሕ ሰማእታት ኣብ ብመላኣ ኤርትራ እዩ ደሞም ፈሲሱን ሓመድ ኣዳም ለቢሶም ዘለዉን። ነዚ ክውንነት እዚ ቅድም ኣብ ገዛና ደሓር ጎረባብትናን ከባቢናን ምስ እንርድኦን እቲ ኤርትራን ኤርትራውነትን ብግቡእ ክንርድኦ ንኽእል፣ ሕድሪ ሰማእታትና ከኣ ብግቡእ ተረዲእና ኣብ ምትግባሩ ኢድ ንኢድ ተተሓሒዝና ለይትን ቀትርን ኣስሚርና ንኽንሰርሕ ዘይጽንቀቕ ውሽጣዊ ሓይሊ ይኾነና። ውሽጣዊ ሓይሊ ዘለዎ ሕብረተሰብ ከኣ ንዝመጸ ተጻብኦታት መኪቱን ደርዒሙን ህላውነቱ ከም ዘውሕስን፣ ብዝተሓባበረ ቅልጽም ንምድረ በዳ ናብ ናይ መሶብ እንጌራ ከም ዝቕይር ካብ እስራኤል ነቲ ነገፍ ዝተባህለ ጥር ዝብል ሳዕሪ ዘይበቑሎ ዝነበረ ምድረ በዳ ትሕተ ባይታዊ ማይ ኣውጺኦም ነቲ ምድረ በዳ ናይ በብዓይነቶም ፍረታት ኣልሚዖም ናብ ገነት ቀይረሞ፣ ንዕኦም ኣኺሉስ ናብ መላእ ዓለም ንሰደድ ዝለኣኽ ዘሎ ፣ ክንርዳእ ንኽእል። ንሕና ኤርትራውያን ዘላትና ፍልጠት ትንኣስ ትዕበ ኣብ ህዝብናን ሃገርናን እንተ ደኣ ዘይ ኣውዒልናያ መኺና ተሪፋ ማለት እዩ። ቅድሚ 73 ( ሰብዓን ሰለስተን ) ዓመት ኤርትራ ብደረጃ ምዕባለ ካብ

መላእ ኣፍሪቃ ፣ ድሕሪ ደቡብ ኣፍሪቃ ካልኣይቲ ኔራ። ሎሚኸ ሃገርና ኣበየናይ ደረጃ ኣላ ? ነፍሲ ወከፍና ሓንጎልና ነስርሓዮ፣ ነስፍሓዮ ንዘላትና ፍልጠት ኣይንተዓበየላ ! ዘየዴኻ ኣደ ከም ዘይትኾነካ ፣ ዘይ ዓድኻ ዓዲ ዘይ ሃገርካ ከኣ ሃገር ኣይኮኑኻን እዮም። ተሃላለኽትን ጻሕተርቲ ሓውን ካብ ምኻን ክንቀኑጠብ ኣለና። ኮረይትን ሓንገትን ምኻን ንድሕሪት እምበር ንቕድም ኣየሰጉመናን እዩ። እዚ ሓወይ ወዲ ዓደይ ወዲ ሩባይ ዝብል ሙሽሙሽ ቀቢላውን ኣውራጃውን ሕማምን ብኩል ኣተሓሳስባን ኣወጊድና ኤርትራዊ ሓወይ ዝብል ኣተሓሳስባ ኣማዕቢልና ብፍቕርን ሕውነትን እንተ ደኣ ሰሪሕና ብዘለና ተሓጒስናን ኮሪዕናን ክንነብር ንኽእል ኢና። ሃገር ኣለና ባህርያዊ ጸጋታት ንዓና ኣኺሎም ንኻልእ ዝተርፉ ኣለዉና ሃየ ንጠቐመሎም። ኤርትራዊ ዜጋ ኣብ ዝሃለኻ ሃሉ ኤርትራዊ ኢኻ ! ኤርትራዊ ክትከውን ዝበቓዕካ ከኣ ብመስዋእቲ ልዕሊ ሚእቲ ሽሕ ለይ ለይ ዝብሉ ኣባጽሕን ለይ ለይ ዝብላ ጎራዙትን ምኻኑ ፍለጥ ! ነፍሲ ወከፍ ዜጋ ናይዛ ሃገር ኣብ ልዕሊ መቓብር እዞም ሰማእታት፣ ብዝተሓባበረ ቅልጽም ልምዕትን ስልጥንትን ኩሉ ዜጋኣ ተሓጒሱን ቀሲኑን ጸጊቡ ዝሓድረላ ኣፍ ልቡ ነፊሑ ዝኸደላ ዘዝተወልደ ቆልዓ ናይዛ ሃገር ጥዕንኡ ተሓልዩ ብትምህርቲ ተኾስኲሱ ዝዓብየላ ሃገር ክንፈጥር ሕድሪ ኣለና ! ሃሩር ኮይኑኒ፣ ቍሪ ኮይኑኒ፣ ጠምየ ጸሚኤ፣ ሃገራዊ ኣገልግሎት ነዊሑኒ፣ ኣብ ስግር ማዕዶ ሰልዲ ከም ማና ካብ ሰማይ ይወርድ ኣሎ ኢልካ ሃገርካ ራሕሪሕካ ናብ ዘይትፈልጦ ሃገር ተሰዲድካ ባርያ ኮይንካ ምንባር ሳዕቤኑ ክንፈልጦ ይግባእ። ወዲ ሰብ ብእኽለ ማይ ጥራይ ተሓጒሱን ቀሲኑን ክነብር ኣይክእልን እዩ፣ ዘይሃገርካ ሃገር ኣይኮነካ ክሳድካ ኣቕኒዕካ ከም እትኸይድ ኣይገብረካን እዩ። ጉልበትካን ፍልጠትካን ንሃገርካን ነቲ ኮስኲሱ ዘዕበየካን ዘምሃረካን ሕብረተሰብ ኣብ ክንዲ ጻምኡ ምኽፋልን ሃገር ሃኒጽካ መጻኢ ወለዶታት ቀሲኖም ኮሪዖምን ዝነብሩላ ሃገር ኣብ ክንዲ ምውራስ፣ መስጣ ከብድኻስ ንከልብኻ ከም ዝበሃል ኣብ ባዕዲ ሃገር ከርተት ኢልካ ጡረታ ምስ ወጻእካ ወይ ከኣ ምስ ሞትካ ንኽትቅበር ንኤርትራ ምምላስካ ንኤርትራ እንታይ ይዓብሰላ ? ምናልባሽ ሃገርካ ስለ እተፍቅራ ይመስለካ ይኸውን ግን ኣይኮነን፣ ብዘይ ጥርጥር ሃገርካ ከም ዘይተፍቅራ እዩ እቲ ርድኢት። ጡረታ ወጺእካ ንኤርትራ ምምላስ እንታይ ክትሰርሕ ! ደይ ኣብ ጸሓይ ኢኻ ተሰጢሕካ ክትውዕል ! እቲ ካብ ኩሉ ዝኸፍአ ውላድካ ንባዕዲ ሃገር ወፊኻዮም ጥራይ ዘይኮነስ ዓዲ ዘይብሎም ፣ መበቆሎም ኣብ ካላኣይ ትውልዲ ዝጠፍእ ዓዲ ዘይብሎም ጌርካዮም ኢኻ ካብዛ ዓለም ክትእለ። ካብ ሃገርካ ከኣ ካብ ሱርካ ተማሒኻ ዳግማይ ከም ዘይትጭብጭብ ኮይንካ ጠፊእካ ኢኻ። ኣብ ኤርትራ ሓረግካ ኣይቅጽልን እዩ ኣባኻ ኣብቂዑ እዩ፣ ካብዚ ዝኸፍእ ኣሎ ! እዞም ተሰዲድና ዘለና ንሃገርና ከም እንጠቅምን፣ ስደትና ብዙሕ ኣዎንታዊ ሽነኻት ከም ዘለዎን ቆጺርና ንነብስና እንተስ ብርድኢት እንተስ ብዘይ ርድኢት ነታልላ ኣለና። ካብ ሃገር ምውጻእና ገበን ብዓቢኡ ከኣ ዕንወት ንሃገር እዩ። ሃገር ብወዲ ሃገር ብፍላይ ከኣ በቲ መንእሰይ እያ እትሕሎን እትዕቀብን እትህነጽን፣

ዘለኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ንሰማእታትና !!!

ክብርን ሞገስን ንሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ !!!

ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ !!!